## በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ፤

ዕለት፥ ፳፩ መስከረም ፳፻፲፬ ዓ/ም/ (01/10/2014 ዓ/ም/ፈ/)

ናብ፡

- ኣቶ ዮፍታሔ ድሜጥሮስ ገብረ ማርያም
- ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ሃብተ

**ጉዳይ፥ ቃለ ውግዘት**

*መንፈሳዊ ሰላምታና ነቐድም።*

ንስኻትኩም ኣቶ ዮፍታሔ ድሜጥሮስ ገብረ ማርያምን ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ሃብተን ዝተበሃልኩም ውልቀ ሰባት፡ ንልዕሊ ዓሠርተ ዓመታት ንኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ከተመሓድሩ ከም ዝጸናሕኩም ይፍለጥ።

እንተኾነ ግና ብሰንኪ'ቲ ብሕጊ ዘይቅየድ እኩይ ተግባርኩም፡ ኣብ ዘመን ሥልጣንኩም እዛ ትእምርቲ ሰላምን ሓድነትን ዝኾነት ጥንታዊትን ሓዋርያዊትን ቅድስት ቤተ ክርስቲያን፡ መካነ ዕግርግር ኮይና፤ ሰላማ ተዘሪጉ ተልእኾኣ ተሰናኺሉ ደመና ምፍልላይ ኣንጸላልዩዋ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ከምእትርከብ ኩሉ ሰብ ዘስተውዕሎ ሓቂ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ምንጪ ሃይማኖትን ሠናይ ግብሪን፡ መምህርን ሓላዊትን ሕግን ሥርዓትን ንዝኾነት ማኅደር እግዚአብሔር፤ በዓቲ መናፍቓንን ጉሓሉን ብምግባር፤ ንእዕኑድ ሕግታታን ምሥጢራታን ብምፍራስ፤ ጠንቅን ምንጭን ኣዝዩ ዘጉሂ ድኻማን ዕንወታን ምዃንኩም ብዕቱብ ክንከታተሎ ዝጸናሕናን ብጭቡጥ ዘረጋገጽናዮን ሓቂ እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ናይ'ዚ ኣብ ዘመንኩም ዝበኣሰ ሽግራት ቤተ ክርስቲያን ቀዳሞት ተሓተትቲ ንስኻትኩም ኢኹም።

ብዛዕባ እዚ ኸኣ ንሕና ሥምረት ገዳማት ኤርትራ ብወገንኩም ይኹን ብቅዱስ ሲኖዶስን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ቅልጡፍ ኣራሚ ውሳኔ ከውሰድን ብኢጋኡ ከግታእን ብቓልን ብጽሑፍን ደጋጊምና ምዒድናን ኣጠንቂቕናን ኢና። እዚ ይኹን እምበር፡ ነብስኹም ሓኺኽኩም ኣካይዳኹምን ምንደራኹምን ኣብ ከንዲ ምዕራይ፡ ንትዕግሥትና ዕሽሽ ኢልኩም፤ ንቅድስት ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ክትመርሑዋን ከም ሸንቲ ገመል ንድኅሪት ክትመልሱዋን ጸኒሕኩም ኣሎኹም። ሥራሕኩምን ተልእኾኹምን ድማ ንረብሓን ዕብየትን ቤተ ክርስቲያን ዘይኮነስ፡ ንጥፍኣትን ምብትታንን ቤተ ክርስቲያን ብምቅልጣፍ ንውልቃዊ ረብሓኹምን ስምኩምን ዝዓለመ ምዃኑ ኣጸቢቕና ዘስተውዓልናዮን ዘረጋገጽናዮን ጉዳይ እዩ።

ኮይኑ ኸኣ እቲ ኣብ ልዕሊ'ዛ ቅድስት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዘውረድክምዎን ተውርድዎ ዘለኹምን ከቢድ ዕንወታት ዘርዚርካን ጸብጺብካን ዝውዳእ ኣኳ እንተዘይኮነ፡ ንጉዳይኩምን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ክትፍጽምዎ ንዝጸናሕኩም ምጥሓስ ሕግን በደላትን ንጹር ንምግባሩን ንዓኻትኩም መነሰሒ እንተኾነኩም ብምባልን፡ ኣብ ሾብዓተ ዓበይቲ ነጥብታት ከፋፊልና ንገልጸልኩም ኣሎና።

፩ይ. እዕማድ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዝርከቦ ሕጊ ሃይማኖትን ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ብተደጋጋሚ ብምጥሓስኩምን ከም ዝጠሓሰ ብምግባርኩምን፤

፪ይ. ንሥልጣን ቅዱስ ሲኖዶስን መዘነት ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ፡ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብኃይሊ ብምግባት፡ ብስሞምን ብሥልጣኖምን ዘይሕጋዊ ሥራሕ ክትሠርሑ ብምጽናሕኩም፤

፫ይ. ጸግዕን ከውልን መናፍቓን ኴንኩም ብምግልጋልኩምን ንተልእኾኦም ጥጡሕ ባይታ ብምኽፋትኩምን፤

፬ይ. ንኹሉ መዳያዊ ሓዋርያዊ ተልእኾን መንፈሳዊ ተግባራትን ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሓኒቕኩም ኀዚኩም ብምድኻምኩምን ንገዳማትን ሥምረቶምን ንምድኻምን ንምብትታንን ብምሥራሕኩምን፤

፭ይ. ንሓድነት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ናይ ምምቕቓል ሓደጋ ዘእቱ ጠንቂ ህውከትን ዕግርግርን ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ተግባራት ክትፍጽሙን ከተፈጽሙን ብምጽናሕኩም፤

፮ይ. ንዘይሕጋዊ ሥልጣንኩምን ምልካዊ ምንደራኹምን ተጠቒምኩም፡ ገዳማውያን አበው ንዝርከብዎም ንጹሓን አገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ከተከላብቱን ብኸንቱ "ከተውግዙ"ን ብምጽናሕኩም፣

፯ይ. ብልሽውናን ካልእ ኣጸያፊ ዘይመንፈሳዊ ተግባራትን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ከም ዝሰፍሕ ብምግባርኩም፣

ኮይኑ ድማ ብዛዕባ እዚ ኹሉ ሕጊ ሃይማኖትን ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ጥሒስኩም፡ ኣብ ልዕሊ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንናን ኩብርታታን ከትገብርዎ ዝጸናሕኩም ምልካዊ ጸይቅታት ብዙኅ ጊዜ ተዛሪብናኩም፣ ክትአረሙን ሰኸኽ ክትብሉን ኣይከኣልኩምን። ስለዚ ድማ ንሕና ሥምረት ገዳማት ኤርትራ፣ ነዊንን ጽኑዕን ትዕግሥትና ከም ኢምንት ተወሲዱ፣ ቤተ ክርስቲያንና ዋና ከም ዘይብላ ዘርከበ መጺኡ ከዕንድረላን ናብ ዝደለዮ ኣንፈት ከጨውያን ኢድና ኣጣሚርና ክንርኢ ተሰኪምናዮ ዘሎና ረዚን መንፈሳዊ ኃላፍነት ስለ ዘየፍቅደልና፡ **<u>ንስኻትኩም ኣቶ ዮፍታሔ ድሜጥሮስ ገብረማርያምን ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ሃብተን ካብ'ዛ ሰዓት እዚኣ ብስም እብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣ ብሥልጣን ጴጥሮስን ጳውሎስን፡ ሠለስቱ ምእት ዐሠርቱ ወሰመንቱ አበው ርቱዓን ሃይማኖትን እትናቴዎስ ሐዋርያውን፡ አቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃንን ዅሎም ቅዱሳን አበው ገዳማተ ኤርትራን ወጊዝናኩም ኣሎና።</u>**

በዚ መሠረት ከኣ ንስኻትኩም **ኣቶ ዮፍታሔ ድሜጥሮስ ገብረማርያምን ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ሃብተን** ካብ ሎሚ ዕለት **፳፩ መስከረም ፳፻፲፬ ዓ/ም/** (01/10/2014 ዓ/ም/ፈ/) ንድኃር:-

፩ይ. ንቅድስት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን ማዕርግን ሓላፍነትን ከይትመርሑን ከይተመኃድሩን፣

፪ይ. ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉዳይን ኣገልግሎትን ከይትሳተፉ፣

፫ይ. ከምኡ'ውን ኣቶ ዮፍታሔ ድሜጥሮስ ገብረ ማርያም ካብ ማኅበረ ምእመናን፣ ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ሃብተ ድማ ከህነትካን ዲቁናኻን ትንገ ኮይኑ፣ ክልቴኹም ብዝኾነ ይኹን ማዕርግን ኣገልግሎትን ቅድስት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ከይተገልግሉን ከይትግልገሉን ብጽኑዕ ሰይፈ ውግዘት ተፈሊኹም ኣሎኹም።

**ቅዱስ እግዚአብሔር ቅድስት ቤተ ክርስቲያንናን ሃገርናን ይባርኽ!**

ሥምረት ገዳማት ኤርትራ

ቅዳሕ፥

- ንቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፣
- ንኹሉን ከፍልታት ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ፣
- ንኹሉን ሃገረ ስብከታትን ንኡሳን ሃገረ ስብከታትን ኣብያተ ክርስቲያናን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፣
- ንቤት ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ሃገረ ኤርትራ፣